# ንኤርትራውያን ኣውፋርሮ ኣፈራሪሑ ኪዕንቅፍ ዝሃቀነ ፈተነ!

***"ንዳይ'ሲ ናይ ልቡ ይሓልም!"*** ይብሉ ለባማት ወለድና። እዚ ምስላ'ዚ ዘይተረጋገጸ ወረ ሰሚዑ፡ ዚምነዮ ኰሉ ኪፍጸመሉ ብህርፋን እናለዘየ ንዚጽበ፡ መራግእቲ ዘይብሉ ዓሻ ሰብ ዚጥቀሙሉ ሓያል ምስላ'ዩ። ኣብዚ ሰሙን'ዚ፡ ውሑዳት ወተሃደራት፡ ንሚኒስትሪ ዜና ተቈጻጺሮም፡ ንሓፋሽ ዘይውክል መልእኽቲ ከመሓላልፉ ከምዝፈተኑ ተሰሚዑ'ሎ። እዚ ኢድ ወጻኢ ከምዘለዎ ዝሸትት ፍጻሜ፡ ዕላማኡ ከይወቕዐ፥ ብልቦናን ትዕግስትን መንግስቲ ኤርትራ፡ ብዘይ ደም ምፍሳስ ኪፍታሕ ምኽኣሉ ድማ ዓቢ ዓወት'ዩ። መራኸቢ ብዙሃን ዓለምና፡ ብፍላይ ድማ ሸወደን ግን፡ ንዝዓሰቡዎም ጋዜጠኛታትን ከዳዓትን እናጠቐሱ፡ ምግልባጥ መንግስቲ ተፈቲኑ እናበሉ ብምግናን ኣጋዊሖም። እቲ ዘገርም ግን፡ ነቲ ፍጻሜ ብምግናን ምግልባጥ መንግስቲ ንኺኸውን ሓያል ጻዕሪ ምግባሮም'ዩ። የግዳስ በቲ ፍሹል ፈተነኦም ዚሕጭጭ'ምበር ዚስንብድ ኤርትራዊ ኣይረኸቡን። ስለምንታይ ግን ክንድዚ ጭንቀታዊ ውዲት ንዕንወት ኤርትራ ይምነዩ ኢልካ፡ ምስ እትሓትት ድማ፤ ኤርትራና እተርእዮ ብዘላ ገስጋስን ምዕባሌን ስለዝተሰናበዱን፡ ንምዕንቃፉ ዝገበርዎ ፈተነታት ኰሉ እናፈሸለ ተስፋ ስለዘቝረጾምን ምኧኑ፥ ዘይፈልጥ ኤርትራዊ ዳርጋ የለን።

ኤርትራ ኣብ ርእሰ ምርኰሳ ኣሚና እትንቀሳቐስን ካብ ማንም ሓገዝ ከይተጸበየት ድማ ማዕረተን ምዕቡላት ሃገራት ክትከውን እትቃለስን ሃገር ምኧና፡ ጸላእታ ከይተረፈ ዘይክሕድዎ ሓቂ'ዩ። ከምተን ንኽድምና ከም ዘመናዊ ዲፕሎማስያዊ መስርሕ ኣሚነን፡ ***"ሃገራት ምዕራብ እንታይኮን ይተኹባልና!"*** እናበላ ኢደን ኣጣሚረን ጭንን ዝብላ ሃገራት ስለዘይኰነት ከኣ'ዩ፡ እዚ ኹሉ ውዲታትን እገዳታትን ብቐጻሊ ዜጋጥማ ዘሎ።

ቅድሚ ገለ ሰሙናት ናብ ኰሉ ኤርትራዊ ዘተኰረ ሃገራዊ ጻውዒት ወፍሪ ተኻይዱስ፡ ዛጊት ኣሽሓት ኤርትራውያን ሰብ ጺጋታት ተኻፊሎምን፡ ማሎም ኣብ ሃገሮም ከውፍሩ ቅሩባት ምህላዎም ኣረጋጊጾምን ኣለዉ። እቶም ብዙሕ ዓቕሚ ዘይብሎም'ውን በብዓቕሞም ካብ ኣርባሕቲ ትካላት ብርኪታት ንምግዛእ፡ ወይ ድማ ብማሕበራት ተጠርኒፎም ትካላት ንምምስራት ኣዝዩ ዘተባብዕ ስጉምቲ ይወስዱ'ለዉ። እዚ ብኤርትራውያን ዝተወስደ ተባዕ ስጉምቲ'ዚ ከኣ'ዩ፥ ነተን ንኹሉ ጺጋታት ኪግብታ ዝደልያ፡ ዓቕለን ኣጸንቂቑ፥ ነዚ ክንሰምዖ ዝቐነና ናይ ቀቢጸ ተስፋን በለካ ለኻዓካ ሓሶት ዝሕመረቱ ወረታትን ኪነዝሑ ዘበገሶም።

እዚ ኰይኑ ግን፡ ***"ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ስለእትወጽእ!"*** ከናፍስዎ ዝቐነዩ ሓሶታት ናይ ምግልባጥ መንግስቲ፡ ዓይኑ ኣውጺኡ ሑሕ እናበለ እናሓደረ ከሕፍሮም'ዩ። እንተ'ታ ህያብ ስዉኣትና ዝኾነት ሓላል ኤርትራና ግን፡ ሳላቶም ንምሕላዋን ምልማዓን ዘይሕለሉ ጀጋኑ ዋርሳይ ይከኣሎን፡ ሳላ ሓፋሽ ህዝባ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ሓገዛት ወጻኢ ከይተጸበየትን ከም ገለ ጐረባብቲ ሃገራት መሬታን ደቃን ከይሸጠትን፡ ኣብ ሓጺር እዋን ብደቀባት ብዚውንና ትካላት ሰሲና፡ ኣብ ጐደና ምዕባሌ እናመረሸት ክልተ ግዜ ከተዛርቦም ምኧና እናገለጽና፤ ***ዝኾነ ይኹን ንምተረ ምዕባሌኣ ኪትንክፍ ዚፍትን ወይልኡ! ንብሎም።***

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

መትከል ኣስመሮም ሸወደን።